# ሩፋኤል መልአኽ 2018 ዓ.ም.
# ጳጉሜ 3 2018 ዓ.ም. (9/8/2026)

## ሩፋኤል መልአክ



ንባባት፡ ዕብ 7፡1-5፥ ይሁዳ 1፡11-17፥ ግ.ሓ. 5፡17-26፥ ማቴ 25፡ 31-ፍ።

ምስባክ፡

(1) ዘነግህ፡ መሓለ እግዚአብሔ ወኢይነስሕ፥ አንተ ካህኑ ለዓለም በከመ ሢመቱ ለመልከጼድቅ፥ እግዚአብሔር በየማንከ (መዝ 109፡ 3-5)።

(2) ዘቅዳሴ፡ እግዚአብሔርሰ ገሃደ ይመጽእ፥ ወአምላክነሂ ኢያረምም፥ እሳት ይነድድ ቅድሜሁ (መዝ. 49፡2-3)።

ከም ስርዓት ልጡርግያና 3 ጳጉሜን ብዓል ቅዱስ ሩፋኤል እዩ። በዚ ዕለት ብፍሉይ ምሕረት አምላኽ ዘድልዮም ብፍሉይ አደታት ነቲ አብ መጽሓፍ ጦቢት ዘሎ መሰረት ብምግባር የብዕልኦ። እንተ ኾነ አብኡ ጥራሕ ዝሕዛእ አይኮነን ኩልና ነዚ ብዓል ሩፋኤል መልአኽ ክንዝክር ከሎና ፍሉይ ተዘክሮ ተራ መላእክቲ አብ መዓልታዊ ሕይወትና ክንርኢ ጽቡቕ እዩ።

መልኣኽ ዘብል ቃል ከምዘሎ ክንርእዮ ከሎና ልኡኽ ማለት እዩ። መላእኽቲ እንብሎም ረቀቕቲ ፍጥረት ብእግዚአብሔር ዝተፈጥሩ፥ ንድላዩ ዝልአኹ እዮም። አብ ገለ እዋናት እዚ መልአኽ ዝብል ንደቂ ሰብ ተራ ልኡኽ ዝጻወቱ እውን የስምዕዩ አብ (ኢሳ 18፡2፥ 33፡7) እንተ ረኤና ንደቂ ሰብ ከስምዕ ንረኽቦ።

መላእኽቲ ረቀቕቲ ፍጥረት እምበር ግዙፍ ሥጋ ዝሓዙ ከምዘይኮኑ ሓደ ካብቲ እምነትና ዝገልጾ እዩ። (መዝ 9፡11፥ ማቴ 18፡10) ። አብ ብሉይ ኪዳን ንመላእኽቲ ዝርኢ ብብዝሒ ተጠቒሱ ንረክብ። አብ ሓዲስ ኪድና አብ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ መላእኽቲ ብሓቂ ህልዋት ከም ዝኾኑን አብ ሕይወትና ብቐጻሊ ከም ዝሕግዙን ይነግር። አብ ሓዲስ ትምህርቲ ክርስቶስ ከም እንረኽቦ ካብ ጥንቲ አብ ትውፊት ቤተ ክርስትያን ከምዘሎን ዝነበርን ንርኢ (ሓ.ት.ክ. 328-36)። አብ እምነት አይሁድ ካብ ጥንቲ አብ ህላዌ መላእኽቲ ከም ዝአምኑ ንርኢ (ሰዱቃውያን ዝብሃሉ ጥራሕ አይአምኑን ነሮም ግ.ሓ 23፡8)። አብ ኅላዌ ረቀቕቲ ፍጥረት፥ ግዙፍ ነገራት ዘይ ኮኑ ቅ. መጽሓፍ ብዙሕ ጊዜ መላእኽቲ ዝብሎም እምብአር ሓቂ እምነት እዩ።

ቅዱስ አጎስጢኖስ ብዛዕባ ባህርይ መላእኽቲ ክገልጽ እንከሎ መልአኽ ዝብል ስርሖም እዩ ዝገልጽ እምበር ባህሪኦም አይኮነን ዝገልጽ ይብል። ሽም ናይ ባህሪኦም ዝገልጽ እንተ ደለኻ ንሳቶም መንፈስ ረቀቕቲ ፍጥረት እዮም፥ ስርሖም ክትፈልጥ እንተ ደለኻ ኸአ ልኡኻት እዮም ይብል።

ሓ/ት/ክ ቍ 329-330 ዘሎ እንተ ረአና ነዚ ናይ ቅ. ኣጎስጢኖስ ትምህርቲ መሰረት ገሩ ከምዚ ይብል፥ መልኣኽ ዝብል ስም ተልእኮኦም እምበር ባሕሪኦም ዚገልጽ ኣይ ኮነን። ንባሕሪኦም ዚርኢ ስም እንተ ደሊኻ መንፈስ እዩ፥ ናይ ተልእኮኦም (ስርሖም) መግለጺ እንተ ደሊኻ ከኣ መልኣኽ። ስለዚ ካብቲ እንታይነቶም (መንነቶም) መንፈስ ካብቲ ተግባራቶም (ተልእኮኦም) ከኣ መልኣኽ ዚብል ትረክብ። መላእኽቲ ብኹሉ ህላዌኦም ናይ እግዚኣብሔር ኣገልገልትን ተለኣኽትን እዮም። ኲልሳዕ ገጽ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ይርእዩ ስለ ዝኾኑ ንሳቶም ንቓሉ ዚሰምዑ ንትእዛዙ ዚፍጽሙ ኃያላትን ብርቱዓትን እዮም (ቍ 329) ይብለና።

መላእኽቲ ፍጹም መንፈሳውያን (ረቀቕቲ) ፍጡራን ኮይኖም ድላይን ኣእምሮን ዝተዓደሉ እዮም። ኣካልዊ ህላዌ (personal) ዘለዎም ዘይሞቱ ፍጡራትን፥ እቲ ርኡይ ዝኾነ ናይ ክብሮም ነጽብራቕ ከም ዝምስክሮ ከኣ ንኹሉ ዚርአ ዘበለ ፍጡር ብፍጽምንኦም ጸብለል ዚብልዎ እዮም’ (ቍ 330)።

መላእኽቲ ኣብ እምነት ክርስትና እምብኣር ረቀቕቲ ፍጥረት ብኣምላኽ ንኣገልግሎቱ ዝተፈጥሩ እዮም። ብመልክዕ ሰብ ይርኣዩ ምሳና ከኣ ይዋስኡ እንተ ኾነ እቲ ግዙፍ ሰውነት ግዝያዊ ኮይኑ ምስ ሰብ ተዋስእኦም ምስ ወድኡ የብቅዕ። ከም ፍጹም ረቀቕቲ ፍጥረት መላእኽቲ DNA የብሎምን እቲ ዝለብስዎ ሰውነት ዝትሓዝ ይመስል ግን ክፍሊ ናይ እቲ መልኣኻዊ ባህሪ ኣይኮነን በዚ ኸኣ ርክብሞም ምስ ፈጸሙ ይጠፍእ ምኽንያቱ ከማና ግዙፋዊ ኣካል ኣየድልዮምን እዩ። ግን ከም ፍጡራት መጠን ከማና ኣብ ጊዜ እዩ ህላዌኦም ኣምላኽ እንተ ዘይገሊጽሎም መጻኢ ነገራት ኣይፈልጡን እዮም።

ቅዱስ መጽሓፍን፥ ኣብ ታሪኽ ዘየቋረጸ ትውፊት ቤተ ክርስትያን ክልተ ዓበይቲ መነንት መላእኽቲ ዝገልጽ ነገራት ንረክብ። መጀመርያ መላእኽቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዝቖሙ ፍጡራት እዮም (ራእ 8፡2)። ተፈጥሮኦም ባህሪኦም ብምልኡ ኣብ እግዚኣብሔር ዝጠመተ እዩ። ቅዱስ መጽሓፍ ክልቲኡ ሓዲስን ብሉይን ኪዳን ኣብ ብዙሕ ክፍልታቱ ብዛዕባ መላእኽቲ ምስ ኣምላኽ ዝቐረበ ርክብ ከምዘለዎም ይነግረና። ካልኣይ መንነት መላእኽቲ ልኡኻት ኣምላኽ እዮም፥ ንኣምላኽ ኣብ ሰባት የምጽእዎ፥ ንሰብ ከኣ ናብ ኣምላኽ የብጽሕዎ። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ከም ዝምስክሮ ንሓቂ ኣብ ምድሪ የምጽእዋ።

ዓመታዊ ዝኽሪ ብዓል ቅ. ሩፋኤል መልኣኽ ፍሉይ መልእኽቲ ኣልኦ። ሩፋኤል ብዕብራይስጢ እግዚኣብሔር የሕዊ ማለት እዩ። ኣብ መጽሓፈ ጦቢት ብዙሕ ብዛዕብኡ ዝንገሮ መልኣኽ እዩ። ንሱ ንጦቢያ መሪሑ ዝወሰዶ (ጦቢት 5፡12)። ንመርዓ ጦብያን ሳርን ዝሓገዘ፥ ንሳራ ብሰንኪ ጋኒን ምስ ካልኦት ከይትምርዖ ጸጊምዋ ዝነበረ ብሓገዝ ሩፋኤል ከም እትሓዊ ዝገበረ። ንጦቢት ካብ ዑሮቱ ከምዝሓዊ ዝገበረ ሓደ ካብቶም ሊቃነ መላእኽቲ እዩ። ኣብ መጽሓፈ ጦቢት 12፡15 ከም እነንብቦ ኣነ ኻብቶም ጸሎት ቅዱሳን ዜዕርጉ ኣብ ቅድሚ ግርማ እግዚኣብሔር ኬገልግሉ ደው ዚብሉን ሸውዓተ ቅዱሳን መላእኽቲ ሓደ ዝኾንኩ ሩፋኤል መልኣኽ እየ፥ እናበለ ንሱ መን ምዃኑን ስርሑን ገሊጹ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተጠቒሱ ኣይንረኽቦን በቲ ኣብ ባህሊ ኣይሁድን ኣብ ብሉይ ኪዳን ብእንረኽቦ ሩፋኤል መልኣኽ ዘሕውን ካብ ኣጋንንቲ ነጻ ዝገብር ምዃኑ ይንገረሉ። ንሱ ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ብቤተ ክርስትያን ዝኸብር እዩ ምስ ሚካኤልን ገብርኤልን ይዝከር። ፍሉይ መፍለጢኡ ካብ ኣምላኽ ምሕረት ዘምጽእ ምዃኑ እዩ። ኣብ ባህሊ ኣይሁድ ሓደ ካብቶም ንኣብርሃም ቅድሚ ጥፍኣት ሰዶምን ገሞራን ዝበጽሑ ሰለስተ መላእኽቲ እዩ ይብሉ (ዘፍጥ 18፡ 2)።

ሩፋኤል መልኣኽ ሎሚ ክንዝክሮ ከሎና እምብኣር ከምቲ ንጦቢትን ጦብያን ሳራን ኣብ ሕይወቶም ዝሓገዞም ሎሚ እውን ክሕግዘና ኣብ ሕይወትና ዝገጥመና ፈተና ክንስዕር ከሰንየና እሞ

ድለት ኣምላኽ ክገልጸልና ዝኽእል ዓብይ መልኣኽ እዩ። እግዚኣብሔር መላእኽቱ ሰዲዱ ሎሚ እውን ኣብ መንገናን ኣብ ዓለምናን ድላይ ኣምላኽ ክነግስ ክሕግዘና ይክእል እዩ።

ሩፋኤል ከም ኩሎም መላእኽቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ክልኣኽ ዝተመዘዘ ሓጋዚና መልኣኽ እዩ። ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን 1፡14 ኾላቶም መላእክቲ ነቶም ኪድኅኑ ዘለዎም ኪኅግዙ ዚልኣኹ ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሔር ዘለዉ መናፍስቲ እዮም እናበለ ተራ ቅ. ሩፋኤል ይገልጸልና። ሩፋኤል መልኣኽ ልኡኽ ጥራሕ ኣይኮነን ሓላዊ እውን እዩ። ኣብ መዝ. 91፡11 ነዚ ሓለዋ መላእኽቲ ክገልጽ እንከሎ ኣብ እትኸዶ ኹሉ ኺሕልዉኻ እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ ኺእልከልካ እዩ ይብል።

ኣብዛ እንነብራ ዓለም ኣብ ቅድስና ክንበጽሕ ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ኣንጻር ኃጢኣትን፥ ክፍኣትን ንበይንና ኣይኮናን ሰራዊት ሰማይ ምሳና ኮይኖም ይዋግኡልና እዮም፥ እቲ ጸገም ንሕና ኢና ኣብ ገለ እዋን ኣይንኣምንን ኣብ ገለ እዋን ከአ ኣብ ርእስና ተኣማሚና ንሓገዝ መልእኽቲ ንነጽግ። ሎሚ እምብኣር ንመላእክቲ ጽን ክንብል እሞ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንገብር ፍቓደኛታት ንኹን።

ኣብዚ ሓዲስ ዓመት ኣብ እንኣትወሉ እዋን ሓገዝ ልኡኻት ኣምላኽ ዝኾኑ መላእኽቲ የድልየና እዩ፥ ኣማልድነቶም ሓገዞም ዕለት ዕለት የድልየና እዩ። ገለ ክርስትያን ኢና ብሃልቲ ግን ንእምነትን ትውፊትን ቤተ ክርስትያን ብናቶም ርድኢትን ድለትን ዝለወጡ ኣማልድነት መላእኽቲ ኮነ ኣማልድነት ማርያምን ቅዱሳንን ኣየድልየናን ዝብሉ ኣለዉ እዚ ግን ካብ ሓቅን ካብቲ ባዕሉ ባህርና ዝሕብሮ ዝርሓቐ እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍን ትውፊት ቤተ ክርስትያን እንተ ረኣና ካብ ጥንቲ ተራ መላእኽቲ ግሉጽ እዩ። ሎሚ እውን ሓለዋኦም የድልየና እዩ ጸልዩልና ንበሎም።

ከምቲ ሩፋኤል መልኣኽ ንጦብያ ዝመርሖን ንሳራ ሰበይቱ ካብ ኣጋንንቲ ነጻ ዘውጽአ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ካብ ዘሎን ዕውረትን ስቓያት ሕማማትን ክልምነልና ከድሕነና ይኽእል እዩ ሓንትስ እምነት ገርና ንጸሊ። ከምቲ ንጦቢት ኣጆኻ እግዚኣብሔር ክፍውሰካ እዩ ዝበሎ ሎሚ ንኣይን ንኣኻትኩም ኃጢኣትና ብምልኡ ተነሲሕና ዓመትና እንተ ጀመርና ኣጆኹም እግዚኣብሔር ክፍውሰኩም ክምህረኩም እዩ ክብለና እዩ።

ሩፋኤል መልኣኽ ኣታትዩ ዝኽእል ዓቃል መልኣኽ እዩ፥ ጸገማት ሰባት ዝርዳእ ንመልእኽቲ ኣምላኽ ገሊጹ ዝነግር ኣብ ኩሉ ምሳና ክጉዓዝ ዝኽእል ስለ ዝኾነ ብልቢ መልእኽቱ ክንቅበል ጽን ንበሎ፥ ከምኡ ከሰንየና ጸገማትና ክሰምዓና ንንገሮ። እግዚኣብሔር ካብ ነፍሲ ወከፍና ክሰምዕ ይደሊ እዩ ብፍላይ ኣብ መኣዲ ቅ. ቍርባን ኮና ክንጽሊ ከሎና ክሰምዓና ድላዩ እዩ። ከም ምሕረትካ እምበር ከም በደልና ኣይትኺደና እናበልና ኣብኡ ንቕረብ።

ዓመትና ኣብ እንዛዝመሉ ዘሎና ኣብ ዋዜማ ሓዲስ ዓመት ኣብ ዘሎናዮ ህሞት ፍሉይን ዓቢይ ጉዳይ ድሕነትና ክንሓስብ ኣሎና። ንዝሓልፍ ዘሎ ዓመት ምስ ዕዳ ከይንዓጽዎ ከምኡ ንሓዲስ ዓመት ምስ ዘይተኸፍለ ዕዳ ከይንጅምሮ ሓደራ። ኣብ መንበረ ንስሓ ኣቲና ነፍሳትና ንሕጸብ ሓደስቲ ፍጥረት ኾና ብጸሎትን ቅድስናን ፍጹም ቍርጺ ፍቓድን ዓመትና ንጀመር።

ኦ ሩፋኤል መልኣኽ ኣብ ቅድሚ እቲ ልዑል እትቐውም ኢኻ እሞ ጸሎትና ከም መስዋዕቲ ኣዕርገልና ነቲ መሓርን ፈቃርን ኣምላኽና ለምነልና ንበሎ።

ብሩኽ ብዓል ቅ. ሩፋኤል መልኣኽ ከምኡ ብሩኽ ሓዲሽ ዓመት ናይ ሰላምን ፍቕርን ዓመት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ